# ጥንስትን ሓታቲት ዑቕባን ዲኺ፧

ሓበሬታታት ንጥኑሳትን ሓተቲ
ዑቕባን ኣብ ኖርወይ።



## ምስ እትጠንሲ

ኣብቲ እትቕመጥሉ ቦታ ብቕዋሚ ሓኪምን ብመወለዳንን ናጻ ሕክምናዊ ምክትታል ንክወሃበኪ መሰል ኣለኪ።

## ምስ ሓረስኪ

ውላድኪ ግድን ክትምዝግብዮ ኣለኪ። ኣብ ኖርወይ ዝውለዱ ቈልዑ መንበሪ ፍቓድ ይኹን ዜግነት ብቐጥታ ኣይወሃቦምን'ዩ።

- ኣብ መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ ትቕመጢ እንተ'ኾንኪ፡ እታ ኣብ ሆስፒታል ዝተዋሃበትኪ መረጋገጺት ወረቐት ሕርስኺ ንሰራሕተኛታት እቲ  እትቕመጥሉም መዓስከር ሃብዮም ኢኺ። እቶም መዓስከር ንዞባዊ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት (UDI) ክሰድሎም ኢዮም። ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ከኣ ብስም እቲ ቈልዓ ምልክታ ይምዝግቡ።
- ኣብ መዓስከር ሓተቲ ዕቑባ እንተድኣ ዘይትቕመጢ ኰንኪ፡ ኣብ መደበር ፖሊስ ከባቢ'ኺ ተረኪብኪ እታ ኣብ ሆስፒታል ዝተዋሃበትኪ መረጋገጺት ወረቐት ሕርስኺ ኣረክብዮም ኢኺ። ፖሊስ ድማ ብስም እቲ ቈልዓ ምልክታ ይምዝግቡ።

ኩሎም ኣብ ኖርወይ ዝውለዱ ቈልዑ፡ ጥዕናዊ ምክትታል ብመደበር ጥዕና ንክካየደሎም መሰል ኣለዎም።



ተወሳኺ መርሓፍኖት፡
ንኣገልግሎት መርሓፍኖት ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት (UDIs veiledningstjeneste) በዚ ቁጽሪ ስልኪ እዚ ደውሊ፡
23 35 16 00።

ንተወሳኺ ሓበሬታታት ብዛዕባ መሰላት ኣገልግሎት ጥዕና ንምርካብ፡
ንመደበር ጥዕና ከባቢኺ ደውልሎም።